

# መቕጻዕቲ


Adelheid Marie Bwire
Melany Pietersen
Daniel Berhane Habte
2
ትግርኛ ti



ሓደ መዓልቲ፡ ኣደይ ብዙሕ ፍረታት ኣምጺኣ።



“መዓስ ኢና ካብዚ ፍረታት ክንበልዕ?” ኢልና ሓቲትናያ። “ነዚ ፍረታት ሎሚ ምሸት ክንበልዖ ኢና” ኢላ መለሰት ኣደይ።



ራሂም ሓወይ ህሩፍ እዩ። ንኹሉ እቲ ፍረታት ኈሊሙ ጥዒምዎ። ንዝበዝሐ ካብኡ በሊዕዎ።




“ርአዩ ራሂም ዝገበሮ!” ኢሉ ንእሸቶ ሓወይ ጨደረ። ኣነ ድማ “ራሂም ስድን ስሱዕን እዩ፡” ኢለዮ።



ኣደይ ብራሂም ኣዝያ ሓረቐት።



ንሕና እውን ብራሂም ሓረቕና። ራሂም ግን ዕጥጥ ኣይበሎን።



“ንራሂም ኣይትቐጽዒዮን ዲኺ?” ኢሉ ንእሽቶ ሓወይ ሓተተ።



“ራሂም፡ ሕጅሕጂ ክትጣዓስ ኢኻ፡” ኢላ ኣደይ ኣጠንቂቓቶ።



ራሂም ሕማም ክስምዖ ጀመረ።



“ከብደይ ኣመና የቖንዝወኒ ኣሎ፡” ክብል ራሂም ኣሕሸኹሸኹ።



ኣደይ እዚ ከምዘጋጥም ፈሊጣ ኔራ። እቲ ፍረታት እዩ ንራሂም ዝቖጽዖ ዘሎ!



ዳሕራይ፡ ራሂም ይቕረታ ሓቲቱና። “ድሕሪ ሕጂ ኣመና ስሱዕ ኣይክኸውንን እየ፡” ኢሉ ተማባጺዑ። ንሕና ኩልና ድማ ኣሚንናዮ።

# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## መቕጸዕቲ

Adelheid Marie Bwire
Melany Pietersen
Daniel Berhane Habte

CC BY